# ***ቅሰን ኣይተበርየ***

ሓመድካ ነጊፍካ ኣብ ትብረየሉ
ካብ ናብራ በረኻ ጥዑም ሂወት ኣብ ትጅምረሉ
ዳግም ተጸሚድካ ዝመለስካያ ክብሪ ክትሕሉ
ወደቓ ወሪዱካ ሃንደበት ናጤባ

ሓንጊርካ ብዘእተኻዮ ኣዲስ ኣበባ
ሰብ ጉራ ምራ ሻርባ ዘእሰርካዮም ክራባታ
ሰብ ጥላም ሳእኒ ውድቀቶም ኣኺላ ሰዓታ ሰብ
ከብድኻ ብጥሙዩ ሃጻፍ ሸውሃቶም ትዕንግል

ስልጣን ምስ ደፍኡ ምስ ሰቖሉ ኣክሊል
ዳግም ጸሚዶምኻ ሕቡእ ኣጀንዶኦም ክትግብሩ
ጻድቓት መሲሎም ዝዋውዕ ዝኣሰሩ ወኻሩ

ሃሞሲት ውዕልካ ሽረ ወለጋ ተስዕብ
ደማዚት ዓሪድካ ጎንደር ስግረ ዶብ ትርክብ
ኣንታ ኣይተበርየ ልቦም ሓቢኦም ሰብ ማንታ ልቢ
ሕጂ ኣንካ ረኺብዋ ናይ ጥልመቶም ዓስቢ

ትቕስነሉ ሰዓት ኣኪሉ

ደላይ ሕሰምካ ቀስሙ ዝቕርሰመሉ
ብዝኣጎዶ መጋርያ ዝልብለበሉ
ዋጋ ጽማመኻ ዕጽፊ ትከሓሰሉ

መቓብር ሓንገርቱ ዝፍሕር
ገበታ ኣበሳ ጸይሩ ቀሲኑ መዓስ ይሓድር
ንኹሉ ብጹረትካ ኣታቲኻ ሓየት ኣይተበርየ
ሕጂ እንካ ረኺባ እቲ ክፉእካ ዝተመነየ
ኣይተበርየ ሕጂስ ቅሰን

ፈኸም ኢላ እያ እታ መግሃር ኡቶን
ሓሳድ ማዕሙቕ ልቡ ጸቢባ መሸንቆቑኡ
ግብኣተ መሬቱ እያ ኣሰር ኣያታቱ ክስዕብ ግዲኡ

ይስሓና እምበር ውሑድ ዶ ኣኸርቲቱካ
ኣትኪዕካ ዘዕበኻዮ ሰባሪ ዘኾለሰ ኢድካ
ኣመሉ ዘይገድፍ ወዲ ማይ ጠላሚት
ኣዲስ ዘእተኻዮ ሓንጊርካ ካብ ደደቢት

ሕጅ'ስ ቅሰን ተበረ ሃብሮመ
ውሑድ ዶ ሓሊፍካዮ ብንኽሰት ጽማመ
ዶባታ ክትክልል መዓስ ኣስተርሒኻ ኣይተበርየ
ቅሰን ሕጂ'ስ ኮርዒዳ ድርዒ ጎብየ
እወ ቅሰን ሓጥር ፉርስ ኣይበረየ



ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ )

ዓወት ንሓፋሽ / ጀርመን 2017